ዜጋ ወጻኢ ሃገር ንዝኾንካ

# ሓገዝ ካብ ማእከል ደገፍ ተመሃሮ ማለት ሲኤስኤን (CSN) ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክትጅምር ዲኻ፤ ትጅምር እንተ ኾይንካ: ካብ ሲኤስኤን (CSN) ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ዝተፈላለዩ ዚሕተቱ ሓገዛት እዮም ዘለዉ። ካብዚ ኣስዒብካ እምበኣር: ንዓኻ ንወጻእተኛ ከመይ ከም ትገብር ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ዝተፈላለዩ ሓገዛት ሲኤስኤን (CSN)

ኵሉ ዓይነት ኪውሰድ ዚኽእል ሓገዝ: እንተ ነወሐ ክሳብ'ታ 20 ትመልኣላ ዓመት ዘላ መንፈቕ ጽድያ ኢኻ ትወስዶ። ድሕሪዚ ግን ሓገዝ ኩነተ ትምህርቲ ትሓትት

**ሓገዝ ትምህርቲ (Studiebidrag)**

ሓገዝ ትምህርቲ 1 250 ክሮኖር ንወርሒ'ዩ፤ ከም ልሙድ ከኣ ኣብ 10 ኣዋርሕ ዓመት: ካብ መስከረም ክሳዕ ሰነ ይኽፈል። ሓገዝ ትምህርቲ ንምርካብ: ግድን 16 ዓመት ዝመላእካን ምሉእ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እትመሃርን ክትከውን ኣለካ።

**ዚያዳ መወሰኽታ ሓገዝ (Extra tillägg)**

እቶት ስድራኻ ትሕቲ ሓደ ፍሉጥ ደረት እንተ ኾይኑ: ቍሩብ ዝይድ ዝበለ ሓገዝ ኪወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኻ። ዚያዳ መወሰኽታ ሓገዝ ከኣ ይበሃል። ማዕረ ክንደይ ሓገዝ ትረክብ ዚውስኖ መጠን እቶት ስድራኻ'ዩ።

**መወሰኽታ ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን (Inackorderingstillägg)**

መወሰኽታ ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን (Inackorderingstillägg) ንገዛን ጕዕዞን ዚምልከት ሓገዝ'ዩ ነዚ ሓገዝ ከኣ: ኣብ ሓደ ብሕታዊ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ወይ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ (folkhögskola) ትመሃር ኮይንካ ኣብ ካልእ ቦታ ክትቅመጥ ትግደድ እንተ ኾይንካ ኢኻ ትሓቶ።

ኣስተውዕል! ኣብ ኮሙናዊ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ትመሃር እንተ ኾይንካ: ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን: ኣብ ክንዲ ኣብ ሲኤስኤን (CSN): ብቐጥታ ኣብ ኮሙንካ ኢኻ ትሓትት።

**ሓገዝ ተልመደን (Lärlingsersättning)**

ሓገዝ ተልመዴን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተልመደን ትመሃር እንተ ኾይንካ: ወይ ከኣ ብመደብ መእተዊ ኰይኑ ትምህርቲ ተልመዴን ዓይነት ትምሃር እንተኾንካ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። ነቲ ኣብ እዋን ልምምድ ኣብቲ ቦታ ስራሕ ከድልየካ ዝኽእል ንመግብን መጐዓዝያን ዚኸውን ወጻኢ ንምሕጋጽ ድማ እዩ።

## ንዓኻ ከም ወጻእተኛ ዚምልከቱ ፍሉያት ጠለባት ኣለዉ።

እንተደኣ ዜጋ ወጻኢ ሃገር ኮይንካ: ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ዘሎካን ዘይብልካን: ማለት ካብ ሲኤስኤን (CSN) ሓገዝ ትወሃብን ዘይትወሃብን ንምፍላጥ ሲኤስኤን (CSN) መጽናዕቲ የካይድ። ብድሕሪኡ: ሓገዝ ንምርካብ ነቶም ዝተረፉ ጠለባት ተማልእን ዘይተማልእን ነጽንዕ፤ ንኣብነት ምሉእ ግዜ ትመሃር እንተ ኾይንካ።

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) ሃልዩካ ኣብ ሽወደን ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ሎካ። ከም ስደተኛ ወይ ንዕኡ ዚመሳሰል ተቑጺርካ ቦርድ ሚግረሽን ብግዜ ዝተደረተ

**ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ'ዶ ትደሊ፤** ወይ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣብ www.csn.se/studiehjalp እቶ፤ ወይከኣ ብቐጽሪ ስልኪ 0771-276 000 ናባና ደውል።

CSN nr 1632J/1811/översättning av 1632A-1811

መንበሪ ፍቓድ እንተ ሂቡካ'ውን ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ኣሎካ። ከም ሓታቲ ዕቑባ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል የብልካን።

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) እንተ ዘይብልካ: ወይ ከም ስደተኛ እንተ ዘይተቐጺርካ: ከከም ዜግነትካ: ማለት ከም መጠን ዜጋ ኤውሮጳዊ ሕብረት/ወይ ዜጋ ኤውሮጳዊ ቍጠባዊ ምትሕብባር (EU/EES): ከም ዜጋ ስዊዘርላንድ ወይ ዜጋ ካልእ ሃገር መጠን ዝተፈላለዩ መምርሕታት ኣለዉ። ተወሳኺ ሓበሬታ: ኣብ ቈጸሊ ሓበሬታ "Svenskt studiestöd för studier i Sverige för dig som är utländsk medborgare" (CSN nr 4146) ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

እዛ ቈጽሊ ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣብ www.csn.se ኣላ።

## በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ትሓትት

ወጻእተኛ ዜጋ ዝኾንካ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ግድን ነቲ ሓገዝ ክትሓትት ኣለካ። ነዚ ኸኣ: "Ansökan om studiehjälp/Uppgifter för rätt till svenskt studiestöd" (CSN:s blankett nr 4144) ዚብሃል ቅጥዒ ትገብሮ።

ዚያዳ መወሰኺታ ሓገዝ (Extra tillägg): መወሰኺታ ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን (Inackorderingstillägg) ወይ ሓገዝ ተልመደን (Lärlingsersättning) እንተ ኣድሊዩካ'ውን ግድን ናብ ሲኤስኤን (CSN) ሕቶ ተእቱ።

ኵሉ ቅጥዒ ኣብ www.csn.se/blanketter ኣሎ።

## ገንዘብ መዓስ ይመጸካ፧

18 ዓመት ምስ መላእካ እቲ ሓገዝ ባዕልኻ ትቕበሎ፤ ክሳዕ ሽዑ ግን ናብ ወላዲ ወይ ናብቲ ሓገዝ ቈልዓ ዚወስድ ዝነበረ ይለኣኽ። ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለዲ ንውልቅኻ ዝመጻእካ እንተ ኾይንካ: ተቐባሊ ሓገዝካ ኪኸውን ጉድማንካ ሕቶ ኬእቱ ይኽእል'ዩ።

እቲ ፋልማይ ክፍሊት መዓስ ይመጽእ ዚውስኖ እቲ 16 ዓመት እትመልኣሉ ዕለት'ዩ። ክሳዕ'ታ ቀዳመይቲ ክፍሊት ካብ ሲኤስኤን (CSN) ትመጽእ: ሓገዝ ቈልዓ (barnbidrag) ካብ ቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ ይመጸካ።

| **16 ዓመት ዚመልእ** | **ፋልመይቲ ክፍሊት ካብ ሲኤስኤን (CSN)** | **ናይ መጠረስታ ሓገዝ ቈልዓ ካብ ቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ** |
|---|---|---|
| ጥሪ-ሰነ | መስከረም | ሰነ |
| ሰነ-መስከረም | ጥቅምቲ | መስከረም |
| ጥቅምቲ-ታሕሳስ | ጥሪ | ታሕሳስ |

ብድሕሪኡ: እቲ ገንዘብ ካብ መስከረም ክሳዕ ሰነ: ኣብታ ናይ መጠረስታ መዓልቲ ስራሕ ይመጽእ። መወሰኺታ ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን (Inackorderingstillägg) ሓገዝ ተልመደንን (Lärlingsersättning) ካብ መስከረም ክሳዕ ግንቦት ይኽፈል።

## ካብ ቤት ትምህርቲ እንተ ሓኪልካ (በኺርካ) እንታይ ይስዕብ፧

ሓገዝ ትምህርቲ ንኽትመሃር'ዩ ዚወሃበካ፤ ስለዚ ትሕክል እንተ ኾይንካ ሓገዝ ክትወሃብ መሰል የብልካን። ካብ ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ ምብኳር'ዩ ከም ምሕካል ዚቝጸር። ካብ ትምህርቲ ትሕክል ከም ዘለኻ ቤት ትምህርትኻ እንተ ሓቢሩና ነቲ ክፍሊት ገንዘብ ደው ነብሎ። ዘይግብኣካ ሓገዝ ወሲድካ እንተ ኔርካ: ግድን ትመልሶ።

ካብ ትምህርቲ ምሕካል: ንኻልእ እትወስዶ ሓገዝ እንተሎ: ንኣብነት ናይ ስድራኻ ሓገዝ ገዛን (bostadsbidrag) መወሰኺታ ሓገዝ ንዝሰደሩን (flerbarnstillägg) ኪጸልዎ ከም ዚኽእል ከኣ ኣይትረስዕ።

*ሕቶታት እንተሎካ ደሃይ ክትገብር ሓንጎፋይ ንብለካ፤ ትምህርትኻ ከኣ የሰምረልካ!*

CSN nr 1632J/1811/översättning av 1632A-1811